# ጁድኪንስ ፓርክ፥ ውሱን ናይ መካይን ጠጠው መበሊ ህዝባዊ ዋዕላ

## ዝርዝር ሓበሬታ ቨርቹዋል ህዝባዊ ዋዕላ፥

- ዕለት: መስከረም 25, 2024
- ሰዓት: 6 PM (ድሕሪ ሰዓት)

ክፍሊ መጓዓዚያ ሲያትል (Seattle Department of Transportation) ብዛዕባ እቲ ኣብ መፃኢ ኣብ ዙርያ ጁድኪንስ ፓርክ ጣብያ ቀሊል ባቡር ዝህሉ ሓድሽ መደብ ጠጠው መበሊ መካይን ዝምልከት ቨርቹዋል/ብ ኢንተርኔት ዝካየድ ህዝባዊ ዋዕላ ከሳልጥ እዩ። ብዛዕባ እቲ መደብና መብርሂ ክንህብ፥ ንሕቶታኩም መልሲ ክንህብን፣ ነቶም ዝህልዉኹም ርእይቶታት ክንሰምዕን ኢና።

ብዛዕባ ኣብ'ቲ ህዝባዊ ዋዕላ ንምስታፍ ዘኽእል ምዝገባ ምግባር ዝምልከት ዝያዳ ሓበሬታ ንምርካብ፡ ነዚ ዝስዕብ መላግቦ ተወከስ: www.seattle.gov/transportation/judkinspark

## ንምንታይ እዩ ሓድሽ ናይ መኪና ጠጠው መበሊ መደብ ዘድልየና

እቲ ሓድሽ ናይ ጁድኪንስ ፓርክ ቀሊል ባቡር ጣብያ ኣብ መወዳእታ 2025 ክኽፍት ትፅቢት ይግበሮ። ነቶም ናይ ቀሊል ባቡር ተጓዓዝቲ ኣብ ጥቓ እቲ ጣብያ ንምሉእ መዓልቲ ዝፀንሑ ናይ መካይን ጠጠው መበሊ ንምቕናስ ድልየት ኣለና። እዚ ድማ ነቲ ናይ ካርበን ሰደድ፡ ብኽለት ኣየርን፣ ናይ ትራፊክ ምጭንናቕን ንምቕናስ ዝሕግዝ እዩ። ነዞም ዝስዕቡ ጉዳያት ክንገብር ድልየት ኣለና፥

- ናይ እግሪ ጉዕዞ፡ ብሽክለታ ምዝዋርን፣ ምጥቃም ህዝባዊ ትራንዚትን ምብርትታዕ
- ነበርቲ ኣብ መኪና ጠጠው ምባል ቀዳምነት ክረኽቡ ምግባር
- ነቶም ናብ ንግዳዊ ትካላት፡ ቤት ትምህርቲታትን፣ ፓርክታትን፣ በፃሕቲ ዝኸውን ናይ ሓፂር ግዜ ናይ መካይን ጠጠው መበሊ ምቕራብ




## ካባኹም ዝረኽብናዮ ርእይቶ ነዞም ዝስዕቡ የመልክት

ኣብ ወርሒ ለካቲት፡ ነቲ መባእታዊ ትልሚና ኣካፊልናኩም ብ ናይ ኦንላይን ዳህሳሳዊ መፅናዕቲ ኣቢልና ድማ ነቲ ዘለኩም ርእይቶ ሓቲትናኩም።

- 84% ዝኾኑ ነቶም ናይ ፕሮጀክት ሸቶታትና ደጊፎም።
- 75% ዝኾኑ ነበርቲ ግዱብ ዝኾነ ናይ ፓርኪንግ ቦታ ምድላው ኣብ ዝብል ይሰማምዑ።

ብመሰረት እቲ ካባኹም ዝረኸብናዮ ግብረመልሲ፥ ነቲ ትልሚ ኣመዓራሪናዮ ኢና። ነቲ ቦታ ብሓደ ብሎክ ናብ ሰሜን ገጽና ብምስፋሕ ኣብ ክንዲ ክልተ ንኣሽቱ ቦታታት ድማ ሓደ ዓቢ ቦታ ክህሉ ዝብል ሓሳብ ነቕርብ ኣለና።

Seattle Department of Transportation

SOUNDTRANSIT

## እቲ ንሕና ዘቕረብናዮ ትልሚ

- ካብ'ቲ ኣብ መጻኢ ዝህነጽ ጣብያ ኣብ ¼-ማይል ርሕቀት ዝርከብ ሓድሽ ዝተገደበ ናይ መካይን ጠጠው መበሊ ዞን/ቦታ (Restricted Parking Zone) ዝብል ሓሳብ ነቕርብ ኣለና። ፍቓድ እንተዘይ ሃልዩካ፣ ካብ ሰዓት 7 ንግሆ (AM) ክሳብ 6 ድ ቀ (PM)፣ ካብ ሰኑይ ክሳብ ዓርቢ፣ መኪና ጠጠው ምባል ን 2 ሰዓታት ዝግድቡ ምልክታት ክህልዉ እዮም።
- ኣብ'ቶም መንበሪ ዘይኮኑ ገዛውቲ፣ ከም ንግዳዊ ትካላት፣ ቤት ትምህርቲታት፣ ቤተ ክርስትያናትን፣ ፓርክታትን ዝበሉ ቦታታት ካብ 2- ክሳብ 4 -ሰዓታት ዝጸንሕ ናይ መኪና ጠጠው መበሊ ገደብ/ወሰናት ክህሉ ዝብል ሓሳብ ነቕርብ ኣለና።
- ኣድላዪ ኣብ ዝኾነሉ ቦታ፣ ሰባትን ኣቑሑን ብቐሊሉ ክጸዓኑን ክወርዱን ንምግባር ዘኽእሉ ሓደሽቲ ናይ ጽዕነት ዞባታት ክነዳሉ ትልሚ ኣለና።
- ንኹነታት ጎደናታት ብምግምጋም ዘወርቲን ኣጋርን ምእንታን ክረኣኣዩ ንምግባር፣ ነቶም ኣብ ጥቓ መሰጋገሪታትን ናይ ጎደናታት መጋጠሚታትን ዘለው ናይ መኪና ጠጠው መበሊ ቦታታት ከም ኣድላዪነቱ ዝተገደቡ ክኾውን ምግባር።

## ነቶም ዘለዉኻ ሓሳብት ኣካፍል

ቅድሚ እቲ ህዝባዊ ዋዕላ፣ ወይ ኣብ'ቲ ዋዕላ ክትካፍል ዘይትኽእል እንተኾይንካ፣ ነቶም ዝህልዉኻ ሕቶታት ወይ ርእይቶታት ናብ JudkinsParkLR@seattle.gov ኢሜይል ብምግባር ወይ ናብ 206-615-0479 ብምድዋል ክተካፍለና ትኽእል ኢኻ።

እቲ ትህበና እታዎት ንዓና ኣገዳሲ እዩ። ካባኻ ርእይቶ ክንሰምዕ ትጽቢት ንገብር!




መእተዊ ጣብያ

ናይ ጎደና ናይ መኪና ጠጠው መበሊ ለውጢታት ክግበረሉ ሓሳብ ዝቐረበሉ ቦታ

RPZ 17 ጎደናታት ምስ ሓድሽ RPZ ክወሃሃዱ እዮም።